# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.148 ሓሙስ 20 ለካቲት 2025 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2



ሰባት ይመጹኹን ይኸዱን...

ገጽ 3

ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?





ገጽ 4

ኣይረሳዕናዮን ኢና ዘይርሳዕ



ገጽ 5

ምንዛሕ ናይ ሓሶት ሓበሬታን ሕደጋኡን



ገጽ 7



ታሚያሱ፡ ነቲ ዝተረፈ ወቅቲ ክሰርዎ

## ሻምብቆ - እቶት ድንሽ ንምኽዕባት ይሰራሕ ኣሎ

ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ኣብ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ፡ ምህርቲ ድንሽ ንምኽዕባት፡ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ብምብዛሕ ከምኡ’ውን ንሓረስቶትን ኣልማዕቲ ጀራዲንን ኣብ ኣገባብትን ሜላታትን ልምዓት ድንሽ ዘተኮረ ስልጠናታት ብምውሃብ ኣብርቲዑ ይሰርሕ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ወኪል ናይ’ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ ኣስመላሽ ብርሃነ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ቅድሚ 3 ኣዋርሕ ን16 ሓረስቶት ዝተዓደለ 70 ኩንታል ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ፡ ኣብ ኣርባዕተ ሄክታር ተዘሪኡ ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ከምዝርከብ ብምጥቃስ፡ ብዝምጋም ኣስታት 220 ኩንታል እቶት ክርከቦ ትጽቢት ከምዝግበር ኣብሪሁ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ተጸዋዒ ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን መንእሰይ ቢንያም ፍስሃ ድማ፡ ኣልማዕቲ እቶታውነት ግራውቶም ንምኽዕባት ቀጻሊ ምክትታልን ክእክነን ክጉበኑ፣ ብማስኖ ዘልምዑ ድማ ኣብ ብዙሕነት መኣዝዊ መግቢ ኣተኩሮም ክሰርሑ ተላቢዩ።

ንዘውጽእዎም ዘለዉ ስልጠናታት ብግቡእ ኣብ ባይታ ክጥቀሙሉ ኣዘኻኺሮም።

ላዕለዎት ክኢላታት ልምዓት ኣሕምልትን ፍረታትን ብወገኖም፡ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ንምብዛሕ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ብዕቱብ ይሰራሕ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ሓረስቶት

ክኢላታት ልምዓት ብቑሊ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ዜናዊ ተስፋብርሃንን ኣቶ ነጋሲ ሃብተሚካኤልን ብተወሳኺ፡ ሓረስቶት ብክኢላታት ሕርሻ ንዝወሃብ ኣስተምህሮታት ኣብ ግብሪ ብምውዓልን ተመክሮ ብምልውዋጥን፡ ኣፍልጦኦም ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክብጽሑ መኺሮም።

ሓረስቶት ብወገኖም፡ ንኣገዳስነት በብእዋኑ ዝውሃብ ስልጠናታት ብምጥቃስ፡ ተመክሮ ንምልውዋጥ ብዝለዓለ ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።



## ባጽዕ - ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ስልጠና ሂቡ

ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ካብ ዝተፈላለያ ትካላት መንግስትን ብሕትን ንዝተዋጽኡ 37 ክኢላታት መዝሓሊታትን መዝሓሊ ኣየርን ዓቕሞምን ብቕዓቶምን ዘበርኽ ስልጠና ኣብ ባጽዕ ወሃቡ።

ግዝያዊ ሓላፊ ክፍሊ ኣከባቢ ኣቶ ክብሮም ኣስመሮም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ብኽልሰ-ሓሳብን ግብርን ንሰሙን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኑቶም ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተቐየሩ ዝመጹ ዘለዉ መዝሓሊ ጋዛትን ብእኦም ዝዋጹ ንዋትን ንምልላይን ንምጽጋናን ዘኽእል ዓቕሚ ንምድንፋዕን ዝዓለመ ምዃኑ ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ኣከባቢ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ ሰመረ የውሃንስ ድማ፡ እቲ ስልጠና፡ መቐጸልታ ናይ’ቲ ኣፍልጦን ዓቕምን ኣብ’ቲ ዓውዲ ዝጥፋ ክኢላታት ክብ ንምባል ዝዓየድ ወሁድ ጻዕሪ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ምስ ቅልጡፍ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ዝኸይድ ተመሳሳሊ ስልጠናታት ክድፍኣሉ ኣዘኻኺሩ።

ሰልጠንቲ ብወገኖም፡ ዝቐሰምዎ ፍልጠት ኣብ ዕለታዊ ስርሖም ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ ብምሕባር፡ ኣብ ስርሖም ክግንፎም ዝጸንሐ ጸገማት ንምፍታሕ ዘኽእሎም ሜላታት ከጥርዩ ከምዝሓገዞም ገሊጾም።

ኣብ መወዳእታ ሰልጠንቲ ብመምህራኖም ተሰኒዮም፡ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ብግብሪ ንምርኣይ ናብ መራገፊ ዓሳ ወደብ ብምብጻሕ፡ ንጥፈታት ምጽራይ ጋዛት ተዓዚቦምን ብክኢላታት መብርሂ ተዋሂቡዎምን።

## መገዲ ሕውየት፡ ንግጭት ደጋዊ ምምሳል ወይ ንኤርትራ በጃ ምግባር ኣይኮነን

### ሚኒስተር ዜና ኣቶ የማነ ገብረመስቀል

ፕረዚደንት ኢትዮጵያ ነበር ሙላቱ ተሾመ፡ ኤርትራ ‘ኣብ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ሓድሽ ግጭት ክትውልዕ’ ተዳልያ ምህላዋ ኣምሲሉ ዘሸሰስ ኣደናጋሪ ናይ ሓሶት ጠቕኒ ኣጠቢሱ ኣሎ። እዚ ዓሻ ድፍረት ዝመልኦ ጠቕነ’ዚ፡ ብዘይ ሕብእብእ ኑቲ ኩናት ዝቕስቅስ ሓደገኛ ዛዕባኦም ንምሽፋንን ርትዓዊ ንምምሳሉን ዝሃቀነ እዩ። የግዳስ እዞም ዝስዕቡ ሓቅታት ከም ሓቂቕ ማይ ንጹራት እዮም፦

1. ብኣንጻር’ቲ ኣቶ ሙላቱ ተሾመ ከቕርቦ ዝፈተነ ዝዝበዕ ትረኻታት፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ 1998 ናብ ኩናት ክኣትዋ ዝኸኣሉ ብሕውሓት ዝምራሕ ዝነበረ ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ንኣህጉራዊ ግዝኣተ-ሕጊን ኑቲ ‘መግዛእታዊ ዶብ ክኸበር ኣለዎ’ ዝብል መሰረታዊ መትከል ሕብረት ኣፍሪቃን ብቐሊዕ ግሂሱ፡ ልኡላዊ ግዝኣታት ኤርትራ - እንተላይ ንባድመ፡ ዓዲ-ምሩግን ካልኦት ቦታታትን ብሓይሊ ገቢጡ ብምሓዙ እዩ።

2. ድሕሪ’ቲ ብዙሕ ዋጋ ዝኸፈለ ደማዊ ኩናት’ውን እንተኾነ፡ ኢትዮጵያ ኣህጉራዊ ሕጊ ረጊጻ፡ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝሃቦ ውሳኔ ነጺጋ፡ ን20 ዓመታት ዝኣክል ኣብ ልኡላዊ ግዝኣታት ኤርትራ ኣራጢጣ እያ። ሙላቱ ከኣ፡ ዋላ’ኳ መዝሙኡ ስማዊ ምንባሩ ዝፍለጥ እንተኾነ፡ ፕረዚደንት ኣብ ዝነበረሉ እዋን (2013-2018)፡ ስርዓት መለስ ንኣህጉራዊ ሕጊ ክጥሕስ እንከሎ ይኹን ‘ስርዓት ምቕያር’ (regime change) ዝብል ኣጀንዳታት ተሓንጊጡ ዞባዊ ዘይምርግጋእ ክፈጥር እንከሎ ኣሳዩ እዩ።

3. ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ ኑቲ ኣብ 2002 ዝተዋህበ ውሳኔ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዘይቅድመኩነትን ብምልኡትን ተቐቢሉ ከተግብሮ ቃል ድሕሪ ምእታው፡ ኤርትራ ኣብ 2018 ምስ ኢትዮጵያ ርክብ ናብ ንቡር መሊሳቶ እያ። ኣብ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ከምኡ’ውን ኣብ ሓባራዊ ምክብባር ዝሰረተ ጥዑይ ጉርብትናን ርክብን ንምሕያል ድማ ብትግሃትን ብቐንዕ ልቦናን ሰሪሓትሉ።

4. እንተኾነ፡ ብዙሕ ከይጸንሐ፡ ኢትዮጵያ ምስ ሓንቲ ካብ ዞባታታ ዝኾነት ትግራይ ኣብ ግጭት ኣትያ። ኤርትራ ከኣ፡ ኑቶም ብ3 ሕዳር 2020 ምሸት ብቓጻ ካብ ዝተፈነወሎም ዝተወሃሃደ ‘ብርቃዊ’ መጥቃዕቲ ዘምለጡ ሰራዊት ኢትዮጵያ ‘እዚ ሰሚን’ ዕቑባ ሂባቶም። ወጥን መጥቃዕቲ ሕውሓት ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እውን መጠዙሰፊሕ መጥቃዕቲ ዘጠቓልል’ዩ ነይሩ።

5. ኤርትራ ኣብቲ ዝተወልዐ ኩናት ተጎዲኣ ዝኣተወትሉ ምኽንያት እምበኣር፡ በዚ ዝተጠቕሰ ምኽንያታትን ብወግዓዊ ሕቶ መንግስቲ ኢትዮጵያን እዩ። ዋላ’ኳ ጸኒሑ ክሕደት እንተተፈጸመ፡ ኣብ ግዜኡ ግን ሰበስልጣንን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ኢትዮጵያ፡ ኣብቲ ንገርም ጸልማት ዝነበረ እዋን ኤርትራ ንዝተጻወተቶ ተራ ግቡእ ኣፍልጦ ሂቦምን ሞጐሶሞን እዮም።

6. ተደጋጊሙ ከምእተገልጸ፡ ስምምዕ ፕሪቶርያ ንውሽጣዊ ጉዳያት መንግስቲ ኢትዮጵያ ጥራይ ዝምልከት እዩ። ኤርትራ ድማ ኣብ ዘቤታዊ ጉዳያት ኢትዮጵያ፡ ምትእትታው ክትገብር ድሌት ይኹን ሸውሃት ፍጹም የብላን።

7. ኤርትራ ሰራዊታ ናብቲ ዓለምለኻዊ ኣፍልጦ ዘለዎ ልኡላዊ ዶባታ ከም ዘውጽኣቶም ዝፍለጥ እዩ። ይኹን’ምበር፡ እቶም ንብይን ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብቕሉዕ መንፈስ ዘይተቐበልዎ፡ ወይ ግርጭታት ንምጽሕታር ድሌት ዘለዎም ወገናት፡ ብምስምስ ባድመን ካልኦት ኣከራኻሪቲ ከባቢታትን፡ ወተሃደራት ኤርትራ ኣብ “ውሽጢ ዶብ” ኣለዉ እናበሉ፡ ጭቡጢ ዘይብሉ ናይ ሓሶት ጠቕነታት ክዘርግሑ ጸኒሖምን ኣለዉን።

8. ኣንጻር ኤርትራ ዝቐድድ ዘሎ እኩይ ዝሃቕናኡ ተኾታኺ ተግባራት፡ ኣብ’ዚም ጠቕነታት-ሓሶት ጥራይ ዝተደረተ ኣይኮነን። ፌደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ፡ ከም ኣካል ጥፍኣ ኣጀንዳኡ፡ ክትርድኦ ብዘጸግም ምኽንያታት፡ “እንተተኻኢሉ ብሕጋዊ፡ ኣድላዪ እንተኾይኑ ድማ ብወተሃደራዊ ሓይሊ” ኣፍደገባሕርን ወደባትን ክንረክብ ኣለና ብዝብል ኣንጻር ኤርትራ፡ ጸዐቕን ዘይቅቡልን ዘመተ ክካይድ ጸኒሑ ኣሎ።

9. ኢትዮጵያ “ምስ ሶማሊላንድ” ዝገበረቶ ግሉጽ ዘይኮነ ስምምዕ እውን፡ ካልእ ዘደለ ሕንፍሽፍሽን ቅልውላውን ብምፍጣር ኣካል ዞባዊ ወጥሪ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ብተወሳኺ ኢትዮጵያ ኣብ ክልል ኣምሓራ ኣብ ዝተኸፈተ ውሽጣዊ ኩናት ጥሒላ ትርከብ።

10. ብኣጠቓላሊ፡ ኣብዚ ዞባ’ዚ ዘለዉ ታእላውኣልቦ ብደሆታት መንቀሊኦም ካብ ካልእ ዘይኮነ ካብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝምንጨዉ እዮም። ክንዲ ዝኾነ ኑቲ ቀንዲ ጠንቂ ናይዚ ጸገማት’ዚ ግቡእ ምላሽ ብምሃብ እምበር፡ ንኤርትራ ተረካቢ ይዓደዮ ብምግባር ወይ ውሽጣዊ ግጭታት ኢትዮጵያ ደጋዊ መልክዕ ብምትሓዝ ዝመጽእ ፍታሕ የለን።



# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

## ሰባት ይመጽኡን ይኸዱን . . .



ኣብ ጉዕዞ ምንባር እቶም ዝያዳ ዋጋን ክብርን እንህቦም ሰባት፡ ኣብ ዘይተጸበናዮ እዋን ወይ ኣብ ግዜ ሽግርና ሕቘኦም ሂቦምና ክኸዱ ንዕዙብ ኢና። እቶም ኣብ ራህዋ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ኣብ ጸገምና ጸግዒ ክኾኑና ተስፋ ዘገበርናሎም ሰባት፡ ማልሳይ ዘይብሉ ኣብ ጥራሕ ጉልጎል ራሕሪሖምና ይኸዱ። ብኣንጻሩ፡ እቶም ኣጸቢቕና ዘይንፈልጦምን ልዑል ግምት ዘይሃብናዮምን፡ ኣብ እዋን ጸበባ ንህይወትና ብርሃን ኮሊዖም ምኽንያት ምንባርና ክኾኑ ይኽእሉ። እዚም እምነትን ሰብኣውነትን ዝመስለዩኦም ሰባት፡ ሓገዝ ኣብ እንደልየሉ እዋን ሕቶ ከየቕረብናሎም ከኒታትና ተመልኪቶም መፍትሒ ንምንዳይ ይጽዕሩ። እምበኣርከስ፡ ኣብ እንምስርቶ ምሕዝነት፡ ዕርክነት ይኹን ካልእ ዝምድናታት ትጸቢትናን ክውንነትን ዘይራኸብ ምስ ዝኸውን፡ ንህልው ኩነታት ተቐቢልና ጉዕዞና ክንቕጽል ይግባእ። እቲ ምንታይ፡ ከምቲ ገለ ወርተግ እናነበ “ሕጂስ ይኣኽለኒ” ዝብሎ፡ ካልኦት ድማ ክቕበሉን ክምንዘዑን እምበር ክልግሱ ስለዘይተዓደሉ።

ኣብ ህይወትና ዝቕልቀሉ ወይ ዘጓንፉና ሰባት፡ ብኣምሳል ሓንቲ ገረብ ክንምልከቶም ንኽእል ኢና። እዚ ማለት፡ ገለ ሰባት ምልእ ዕምሮም ካባና ከይተፈልዩ ንምንባርና ጣዕሚ ብምውሳኽ፡ ኣብ ሓጎስናን ሓዘንናን ብቐዋምነት እናተረኽቡ ኣብ ምጉልዕላዕን ምድልዳልን ገረብ ህይወትና ኣጉዶሲ ተራ ይህልዎም። ብመንጽሩ፡ እቶም ወቕታውያን ሰባት ድማ ዘድልየም ካባና ወሲዶም ግዜኦም ምስ ኣብቀዐ ከም ቆጽሊ ይረግፉ። ስለዚ፡ ነቶም ኣብ እተፈላለየ መድረኽ ናይ ህይወትና ዘጋጥሙና ሰባት ብኣምሳል ሰለስተ ክፋላት ገረብ ፈላሊና ክንዕዘቦም ኢና። እዚ ነቶም ቀንዓት ካብ'ቶም ዘይቅንዓት ከይተዓወስና ክንቀርቦምን ከለልዮምን ዝሕግዘ እዩ። እምበኣርከስ፡ ነቶም ሰባት ሓደ ድሕሪ ሓደ ምስ እንምልከቶም፦

1\. እቶም ብሰር ዝምሰሉ ሰባት፡ ኣብ ህይወትና ኣዝዮም ኣገደስቲ እዮም። እቲ ዝኩብኩልና ደገፍን ሓገዝን ካልኦት ንኽርእዩሎም ዘይኮነ፡ ከም ግቡኦም ወሲዶም ይፍጽምዎ። ከምታ ብሸኽ ሓያል ንፋስን ጸምእን ሓንቲ ገረብ ቆጽላን ጨንፈራን ዝረግፍ፡ ንሕና'ውን ብሽግርን ብደሀን መታን ተሰፉ ከይንቘርጽ ከም ሰር ኣትሪሮም ይሕዙና። እዚም ሰባት ብዘይዝኾነ ቅድመ-ኩነት ንዝልግሱልና ሓልዮትን ፍቕርን ንኽይንኸስሮ ክንጥንቀቕ ይግባእ። ከምዚ'ኣቶም ሰባት ሳሕቲ እንተዘይኮኑ ብቐጻሊ ክንረኽቦም ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ፡ ብምኳኑ፡ ምስ ተላለናዮም ንኽይንረሕቆም ንጠንቀቕ ደኣ። ሓንቲ ገረብ ብዙሕ ኣቖጽልትን ጨንፈረን ክትጸውር እንክላ፡ ብኣንጻሩ ሰራውራ (ሱር) ውሑድን ንሓድሕዱ ዝተተሓሓዘን ንኣሽቱ ጨናፍር ይርከብዎ። ስለዚ፡ ኣብ እንምስርቶ ምሕዝነትና ይኹን ዕርክነትና ድልዱልን ውሑድን ዝምድናታት ክህልወና ይግባእ። ከም ውጽኢቱ እቲ ዝምድና ኣብ ድልዱል መሰረት ስለዝሰረተ፡ ቀጻልነቱ ክንዮ ሓጺር ግዜ ንሓያሎ ዓመታት ክዘልቕ ይኽእል።

እቶም ዘይቅያየር ባህሪ ዘውንኡ ሰባት ኣዝዮም ውሑዳት ስለዝኾኑ፡ ንኸይንኸስሮም ኣተኩርና ክንሓዞ ይግባእ። ከምኡ ድማ፡ ኣምሳያ ዝምጠወልና ፍቕሪ ዓጸፋ ምላሽ ክንህብ እንተዘይክኢልና፡ ርክብና ነዊሕ ከይሰጎመ ክቋረጽ ይኽእል።

2\. ብጨንፈር ዝወከሉ ሰባት፡ ብዝተፈለየ ኣቀራርባ ናብ ህይወትና ይመጽኡ። እቶም ሰባት ንዝተወሰነ እዋን ምሳና ሓቢሮም ክጎዓዙ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ከቢድ ጸገም ምስ ዘጋጥመና ብስሉሕታ ክርሕቑና ይረኣዩ። በቲ ዘይተጸበናዮ ፍጻመ ሰንቢድና፡ ንኻልኦት ክንቀርብን ክንኣምንን ክሽገር ንኽእል ኢና። የጉዳስ፡ ሰባት ከም ምስልና ባህርና ክፈላለ ግድን'ዩ። ስለዚ፡ በቶም ኣብ ጸገምር ግዜ ዝርሕቑና ከይተደሃልና፡ ንካልእ ዝምድና ድሉዋት ክንከውን ኣሎና። እቲ ምንታይ፡ ምስ ደቂ-ሰብ ሓቢርና ንነብር ካብ ሃለና፡ ብሸኽ ዘጋጥመና ጥልመት ምልእ-ብምልእ ካብ ሰብ ተገሊልና ክንነብር ስለዘይከኣል። እዚ ስለዝኾነ፡ ካብ'ቶም ቀረብትና ማሰሎም ንሓያሎ ዓመታት ዘታለሉና ተሞክሮ ቀሲምና፡ ብሰር ዝወከሉ ሰባት ሃሰው ክንብል ኣሎና።

3\. እቶም ብቑጽሊ ዝምሰሉ ሰባት ድማ፡ ኣዝዮም ድኹማትን ንጥቕሚ ዘቐድሙን እዮም። እቶም ዓይነት ሰባት ንሓደ ወቕቲ ጥራይ ኣብ ህይወትና ድሕሪ ምጽናሕ፡ ዘደለይዎ ምስ ረኸቡ ከይተፋነዉና ራሕሪሖምና ይኸዱ። ንኣ'ቶም ንምሕዝነትና ወይ ዕርክነትና ደልዮም ዘይኮኑ ዝመጽኡና፡ ካብ ፈለማኡ ንረብሓ'ዮም ዝቐርቡና። ብወገንና ኣብቲ ምሕዝነት ብቐንዕና ክንዋሳእ እንተጸሓሕና፡ ነቲ ጥልመት ክንቕበሎ ምሕር ክኸብደና ይኽእል። ስለዚ፡ እቶም ንትርጉምን ኣገዳስነትን ዝምድናታት ግዲ ዘይህብዎ ሰባት፡ “ንዓይ ጥራይ ይጥዓመኒ” ዝብል ግጉይ መምርሒ ስለዘኽተሉ፡ ብኣግኡ ኣለሊና ክንርሕቖም ይግባእ።

መሓዙትና ወይ ኣዕሩኽትና እንብሎም፡ ብዝተፈላለየ መገዲ ክቐርቡና ይኽእሉ። እቶም ብሰር ዝወከሉ ቅኑዓት ኩይኖም፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ኩነታት ንርክብና ቀዋምነት ብምሃብ ካብ'ኣቶም ዝሕተት ኩሉ የማልኡልና። ኣምሳያ ናይ'ቲ ኣብ ልዕሌና ዝፍጽምዎ ተግባር ከኣ፡ ዝኾነ ምላሽ ወይ ጥቕሚ ካባና ኣይጽበዩን። ብኣንጻሩ፡ እቶም ዝሒፍ ቦታ እንህቦም ሰባት፡ ካብኣቶም ሞት ጥራይ'ዩ ዝፈልየና ዝመስለና። እንተኾኑ፡ ሃንደበት ዘይተጸበናዮ ኩነት ምስ ዘጋጥመና ጠንጢኖምና ይኸዱ። ካልኦት እቲ ካባና ዝረኸብዎ ጥቕሚ ምስ ረኸቡ፡ ብቐጽበት ክፍለዩና ይረኣዩ። ስለዚ፡ ነቶም ክብርን ዋጋን ዝህቡና ሰባት ኣጥቢቕና ብምሓዝ፡ ነቶም ከም ቆጽሊን ጨንፈርን ግዜኦም ሓልዮም ዝርሕቑና ግዳ ብኣግኡ ከለሊናዮምን ክንርሕቖምን ይግባእ።

## ውሽጣዊ ዶ ግዳማዊ ጽባቐ. . .



ሎሚ-ሎሚ ብዙሓት መንእሰያት ውሽጣዊ ጽባቐኦም ንምኽሳዕ ኣብ ክንዲ ዝጽዕሩ፡ ንግዳማዊ ጽባቐ ልዑል ኣተኩሮን ቦታን ኣብ ምሃብ ይርከቡ። በዚ ምኽንያት፡ ነቲ ዘይሃስስን ዘይበልን ውሽጣዊ ጽባቐ ንምድላብ ካብ ዝኹብርዎ ወፍሪ ንላዕሊ፡ ወቕቱ ሓልዩ ዝረግፍ ደጋዊ ጽባቐ ንምውናን ዝዕልክዎ ይዛይድ። ብፍላይ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ሕብረተ-ሰብን ሰላቢትን ማርኽትን ክኾና ኣለወን ብዝብል ኣቢታዊ ኣተሓሳስባ ተደሪኸን፡ ብርክት ዝበለ ባህላዊ መመላኽዒ ክጥቀማ ይግደዳ። እዚ ስለዝኾነ፡ በዚ ሱሓስብ እናተኸሰኩሰት ዝመጽት ጓል-ኣንስተይቲ፡ ቅድሚ ውሽጣዊ ጽባቐኣ ንደጋዊ መልክዕ ቀዳምነት ክትሰርዖ ግድነት እዩ። በዚ ከይኮነ ኣይተርፍን “መልክዕ ደኣ ይሃበ'ምበር ውሕልነት'ሲ ካብ ጉረቤተይ እመጽኦ” ዝብል ምስላ ኣብ ሕብረተሰብና ሰሪጹ ንረኽቦ። የጉዳስ፡ ቅድሚ ደጋዊ ትርኢታ ውሽጣዊ ጽባቐኣን እትኸልዓሉ መገዲ እንተትመሃር ዝበለጸ ውጽኢት ምተሓፍሰት።

ኣብዚ እዋን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ንናይ መመላኽዒ ኣቑሑትን መጥባሕታዊ ምምዕርራይን ዘይተኣደነ ወጻኢታት ክዅብራ ይረኣያ ኣለዋ። ብፍላይ ኣብ ከበና ብዙሓት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ብዝተፈላለየ ኮሚካላት ዝተዳለወ መመላኽዒታት ብምጥቃም፡ ብኽሩር መን ከም ዘቐመጦ ዘይፍለጥ መለክዒ ጽባቐ ንኽማልኣ ወገሐ-ጸበሐ ብዙሕ መጠን ገንዘብ የጥፍኣ። ኣብዚ እዋን ዓቢ ሰገኣት ፈጢሩ ዘሎ ግን፡ ደቂ-ኣንስትዮ ምልእ-ብምልእ መሽከለንን መልክዐንን ዝቕይር፡ ፕላስቲካዊ መጥባሕቲ ከም ቀንዲ ኣማራጺ ይውሰድ ብምህላዊ እዩ። እዚ ጽልዋኡ እናሰፋሕፍሐ ዝመጽእ ዘሎ ፕላስቲካዊ መጥባሕቲ ብዙሕ ጥዕናዊ ሳዕቤን እናኣኸተለ ብኣንጻሩ ብዙሓት ልዑል ኣድናቖት ይረኽብ ኣሎ። መመላኽዒ ዘዓልዋ ትካላት፡ ፍርያተን ናብ ተጠቀምቲ ንኸበጽሓ ንህብባት ሰባት ከም ቀንዲ መሳርሒ ይጥቀማሎም። ንኣብነት፡ ነተን ኣብ እተፈላለየ ሞያ ዝጠፍኣ ህቡባት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ኣብቲ ናይ መወዓውዒ ንጥፈታቶም ከም ዝሳተፋ ብምግባር፡ ካልኦት ብዙሓት ነቲ ምውዕዋዕ ዝተኻየደሉ መመላኽዒ ከም ዝጥቀማሉ ምግባር ልሙድ ናይ ምድንጋር ስልቲ ወይ ሽጣራ እዩ።

እተን ኣብቲ ናይ ምውዕዋዕ ንጥፈት ዝሳተፋ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሙብዝሕትኡ ግዜ ንዘይጥቀማሉን ዘይፈተንኦን ኮሚካላዊ ትሕዝቶ ዘለዎ መመላኽዒ ከም እውታዊ ወጽኢት ዝረኸበ ኣምሲለን ካብ ሓቂ ዝረሓቐ መልእኽቲ ከመሓላልፋ ይረኣያ። ኣብዚ እዋን ፍሉጣት ሰባት ዘዘውትርዎ ዓይነት ኣኩዳድና ኩነ ዝተጠቐሙሉ መሳርሒታት ምፍታን ከም ንብር እናተወሰደ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ፡ ሓንቲ ልዑል ተፈላጥነት ዘጥረየት ጓል-ኣንስተይቲ ዝተኸደነቶ ክዳን ምልባስ ወይ ዝተጠቐመትሉ መመላኽዒ ምፍታን ከም መርኣያ ምዕባለ'ዩ ዝቖጸር። እተን ህቡባት ሰባት ሕብረተ-ሰብን ዘማዝመን ክብሪ ግዲ ከይሃባ ዘይሓላፍነታዊ ተግባር ይፍጽማ'ሞ ብሸኽ'ቲ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ትሕዝቶ ብዙሓት ተደናጊረን ክሰሕታን ክደናገራን ይረኣያ።

ብሰሪ'ቲ ዘይሓላፍነታዊ ተግባር፡ ማእለያ ዘይብሉ መመላኽዒታት ብምጥቃም ኣደዳ ብዙሕ ሕማማት ዝኾና ደቂ-ኣንስትዮ ውሑዳት ኣይኮናን። ግናኸ፡ እተን ደጋዊ ጽባቐ ንምውናን ጥራይ ዝጎያ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ካብቲ ሓደ ፍርያት ናብቲ ካልእ ሓዲሽ ክሰጋገራ መሬት ወጊሓ ትዓርበን። ምስ ንውሓት ግዜ ኣብ ኣእምሮአን ዝሀሎ ግጉይ ኣተሓሳስባ ከኣ፡ ማብቆላዊ መንነተን ከም ዝጸልኣ ይኸውና። ብሸኽ'ቲ ካብ ንእሰ ዕድመአን ምስአን ዝዓኾኸ ኣተሓሳስባ ምስ ገዛእ-ርእሰን ከይተዓረቓን ሓቀኛ መንነተን ከይተቐበላን ይነብራ።

ደቂ-ኣንስትዮ ውሽጣዊ ጽባቐአን ባዕላተን'የን ዝህንጻኦ። እቲ ውሽጣዊ ሰላም ንገዛእ-ርእሰን ከም ዝሰርኦት እንተ ኣብርኪተናሉ፡ ውሽጣዊ ጽባቐአንን ሰብኣውነተንን ፍጹም ኣይጠፍእን እዩ። ብፍላይ እተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዝነብራ ደቂ-ኣንስትዮ ኣእምሮኣውን ኣካላውን ዕብየት ከይድልቦ ብኣግኡ ኣድላዪ ወፍሪ ክገብሩ ኣለዎ። ከም'ቲ ሓንቲ ተኽሊ ብግቡእ እንተተኸናኺኑ፡ ጽቡቕ ጣዕምን ትሕዝቶን ዘለዎ ምእኩት ፍረ እትምጥ፡ ነተን ደቂ-ኣንስትዮ'ውን ብንኡሰን ግቡእ ናብዮት እንተተኻይዱለን፡ ናይ ጽባሕ ንጡፋት ሰራሕተኛታት፡ ኣፍረይቲ ኣዴታት፡ ኣውፈርቲ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዳይ ተዋፊረን ንሕብረተ-ሰብ ዘቕይሳ፡ ኮታ ኣብ ኩሉ ጽላት ብምስታፍ፡ መሪሕ ተራ ከምዝጻወታ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ስለዚ፡ ነቲ ኣብ ሕብረተሰብ ንሓያሎ ዓመታት ሰሪጹ ዝጸንሐ ግጉእ ኣተሓሳስባ ብምስዓር፡ ንደጋዊ ዘይኮና ንውሽጣዊ ጽባቐአን ዝያዳ ክብሪ ክህበአ ይግባእ።

ደቂ-ኣንስትዮ ኣቐዲመን ውሽጣዊ ጽባቐአን ኣብ ምህናጽ እንተሰራሐን፡ ገዛእ-ርእሰን ብፍልጠት ክሃንጻን ክቖርጻን እንተኽኢለን፡ ዝጋጥመን ብደሆ ክስዕርኦ ኣይከኣልን እዩ። ናይ ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ፡ ውሽጣዊ ዓቕመን ከይተበርበረ ይፀኽን እዩ። ብሰሪ ዘይንቑሕ ኣተሓሳስባን ድሑር ልምድታትን ድማ ሕሰም ዝተፈላለየ ማሕበራዊ ጸገማት ይኸፍላ። ስለዚ፡ ቅድሚ ንግዳማዊ ዓለም ንውሽጠን ብምድማጽ፡ ጽባቐአን ኣብ ውሽጠን ክፍልቐኦ ይግባእ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045

ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

# ሸባብ

ሃማመተኤ

## ዛዕባ ሸባብ

# ኣይረሳዕናዮን ነቲ ዘይርሳዕ

ስምኦን ወልደሚካኤል

ፍሱህ ቅነ ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ካብ ኣእምሮና ከየልገሰ፡ ነቶም ኣብ ለካቲት 1975 ብወተሃደራት ጸላኢ ብኣረሜንነት እተቐትሉ ሰላማውያን ነበርቲ ኣስመራን ከባቢኣን ክንዝክሮም ቀኒና። ዝኽሪ ዓወት ኤርትራውያን ተጋደልቲ ብዘይ ዝኽሪ ጭካነ ጸላእቲ ምሉእ ኣይከውንን እዩ። ኣብ ማዓሙቕ ባሕሪ ዝኽሪ ተነቑትና መስተንክራዊ ጅግንነትን ጽንዓትን ህዝቢ ኤርትራን ተጋደልቱን በቲ ሓደ፡ ህድግለነ ዘይብሉ ኣረሜናዊ ጭካነ ገዛእቲ ኸኣ በቲ ኻልእ ክንረክብ ግድን'ዩ። ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ሓርነታዊ ባህሪ ስለ ዝተላበሰ፡ ጭካነ ገዛእቲ ፍርሒ ዘይኮነ ሕራነ'ዩ ፈጢሩሉ። ኢትዮጵያውያን ገዛእቲ ኣእምሮኦም ክሓስቦ ዝኽእልን ጉልቦቶም ክገብሮ ዝኽእልን ሕሰም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ፈጺሞም ከብቅዑ ህዝቢ ኤርትራ ግን ድርዒ ጽንዓቱ እናተረረ ካብ ዕላማኡ ፈልከት ከይበለ ክሳብ ዓወት ተቓሊሱ።

ዕላማ ናይ'ቲ ኣብ ቀዳማይ ሰሙን ለካቲት 1975 ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን ዝተፈጸመ ህልቂት፡ ነቲ ዝተሓላለኸ መስርሕ ሓሊፉ መስመሩ እናነጸረ ዝግስግስ ዝነበረ ሰውራ ኤርትራ ንምኹላፍ'ዩ ነይሩ። ህዝባዊ ደገፍ ንሰውራዊ ምንቅስቓስ ከም ዓይኒ ማይ ንዒላ እዩ። ዓፋኝ ጓድ ተባሂሉ ዝፍለጥ ናይ ቅትለት ጉጅለ ንመንእሰያት ኣስመራ ብጸሓይ ቀትሪ ጨመተ ተጻዊትሎም'ዩ። መንእሰይ ዘይወደቐሉ ጎደና ናይ ኣስመራ የለን። ብዓረር ዝተቖልቡ፡ ብኻራ ዝተሓርዱ፡ ብስልኪ ዝተሓንቁ ንጹሃት ኤርትራውያን ብዘይካ ኤርትራውነትን ናጽነት ምድላይን ካልእ ገበን ኣይነበሮምን። ሞት ኣብ መንበሪ ቤት፡ መዘናግዒ ማእከል፡ ቤት ትምህርቲ፡ ቦታ ስራሕ፡ መዛወሪ ጎደና፡ ኣብያተ ጸሎት ወዘተ ሂወት ንጹሃት መንእሰያትን ዓበይትን ደልዩ ፊንፊን ይብል ነይሩ። እቲ ተግባር ቅድሚ 50 ዓመት ዝተፈጸመ'ኳ እንተ ኾነ እተን ነቲ ትራጀዲ ዝረኣያ ኣዒንትን ነቲ ዛንታ ዝሰምዓ ኣእዛንን ኤርትራውያን ግን ከምዚ ሕጂ ዝተፈጸመ ኮይኑ ይስምዐን ኣሎ። ስምባደና ኣይተኣበደን፣ ዝኽርና'ውን ጌና ኣይሃሰሰን።

ህልቂት ኣስመራን ከባቢኣን ንሕና ብእንብሎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣካል ናይቲ ስርዓት ዝነበሩ ኢትዮጵያውያን'ውን ተናዚዞምሉ እዮም። ሓደ ካብኣቶም ላዕለዋይ በዓል ስልጣን ደርግ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ሻለቃ ዳዊት ወልደጊዮርጊስ'ዩ። ኣብታ "ቀይሕ ንብዓት- ኲናት፡ ጥምየትን ሰውራን ኣብ ኢትዮጵያ" ዘርእስታ መጽሓፉ ነቲ ኣብ ኣስመራ ዝተኻየደ ናይ ራዕዲ ወፈራ ብኸምዚ ይገልጾ "መንእሰያት ኣወዳትን ኣዋልድን፣ ብለይቲ ከካብ ገዛኦም ተተወጢጦም ይውሰዱ'ሞ፣ በቲ እቶም "ዓፋኝ" ባዕላቶም፣ 'ስርሒት ስልኪ ፒያኖ' ክብሉ ዝገልጹዎ ኣገባብ ተሓኒቖም ኣብ ጉደናታት ይድርበዩ። ብኸምዚ ዘሰካሕክሕ ኣገባብ ኣቀታትላ፣ ኣማኢት ተቐቲሎም። ብተወሳኺ፡ ኣብ እኩባት ሰባትን ባራትን'ውን ቦምባ ይድርበ ነይሩ" ክብል ይገልጽ (1989፡ ገጽ 91)። ዕላማ እቲ ዝካየድ ዝነበረ ኣስካሕካሒ መቕተልቲ፡ ንተስፋን ምትእምማንን ኤርትራውያን ንምብናን እዩ ነይሩ። ሃጋይ ኤርሊች ዝተባህለ ጸሓፊ ብወገኑ ኣብታ "ቃልሲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ፡ 1962-1978" ዘርእስታ መጽሓፉ፡ ሓደ እስራኤላዊ መኮነን ብንጽርጽሮት "ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ንኡጹሃት ሰባት ኣብ ምቕታል ብጣዕሚ ስሉጥ እዩ" ከም ዝበለ ኣስፊርዎ ኣሎ (1983 ገጽ 58)።

እዚ ኣብ 1975 ዝተፈጸመ ኣልማማ ቅትለት ብልሙድ ዕግርግር ኣስመራ እናተባህለ እዩ ዝግለጽ። እታ ዘመናዊትን ንምንባራ እተብህግን ኣስመራ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ሞት ዝዝንብየላ ሲኦል ተቐየረት። ሻለቃ ዳዊት ባዕሉ "እታ ከታማ በቶም ወተሃደራት ተዘምተት። እቶም ሓደ እዋን ጽቡቓት ዝነበሩ ደኻኩን ተራሰዩ፡ ኣብ ጎደና ዝጸንሐ ኩሉ ነገር ከኣ ተወሰደ። ብዙሓት ኣወዳትን ኣዋልድን ናብቶም ተቓለስቲ ተጸንበሩ። በቲ ዝካየድ ዝነበረ ኣልማማ መቕተልቲ እቲ ዝነበረ ምርጫ ኣብኡ ጸኒሕካ ምማት ወይ ከኣ ሃዲምካ ምቕላስ እዩ ነይሩ። ብዘይካ ሸማግለታት፡ ሕሙማትን ድኹማትን ወይ ከኣ ምስቶም ወተሃደራት ርክብ ዝነበሮም እንተዘይኮኑ ኣብ ኣስመራ ዝተረፈ ኣይነበረን" ብምባል ነቲ ዝነበረ ሃዋህው ይገልጾ። እቲ ላዕለዋይ ናይ ደርግ መኮነን ዝነበረ ሻለቃ፡ በቲ ዝነበረ ናይ ቅተል ሕረድ እሰር ዘመተ ነበርቲ ኣስመራ ተሰናቢዶም ሓዲጎማ ናብ ገጠራትን ስደትን ብምኻዶም ብዝሒ ህዝቢ ኣስመራ ካብ ልዕሊ 200,000 ናብ 90,000 ከም ዘንቀልቀለ ይገልጽ። እቶም ዝተረፉ ከኣ ካብ ዓራቶም ተጎቲቶም በቶም ናይ ቅትለት ጉጅለ ከይቅተሉ ብምፍራሕ ለይቶም ኣብ ቤተክርስትያን የሕልፍዎ ከም ዝነበሩ ኣብ መጽሓፉ ኣስፊርዎ ኣሎ።

እቲ መቕተልቲ፡ ምቅጻል ዓድታትን ሃውራዊ ማእሰርትን ኣብ ኣስመራ በቲ እዋን'ቲ ዝተጀመረ ኣይነበረን። ኣብ ፈለማ 1960ታት ጀሚርካ ኣብ ባርካ፡ ሰንሒት፡ ሰምሃር፡



ሃዘሞን ብዙሓት ከባቢታትን ሰለማዊ ህዝቢ ምስ ጥሪቱ ነዲዱን ተሓሪዱን ተረሺኑን እዩ። ሻለቃ ዳዊት ኣብ መጽሓፉ "ይዝከረኒ ወተሃደራት ከብቲ ቀቲሎም ክሳብ ዝጸግቡ በሊዖም እቲ ዝተረፈ ገዲፈሞ ይኸዱ ነይሮም። እንሓንሳብ ጸላም ከብዲ ንኸበልዑ ጥራይ ከብቲ ይቐትሉ ነይሮም" ብምባል ዝኽሩ ኣስፊሩ ኣሎ።

ብዓይኒ ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ እቲ ንመግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣሜን ኢሉ ዘይቅበል ኤርትራዊ ኣብ ኤርትራ ንኽነብር ኣይፍቀደሉን እዩ። ገዛእቲ ኢትዮጵያ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝፍጽምዎ ዝነበሩ ህልቂትን ራሰያን ነቲ ኒኮሎ ማክያቨሊ ኣብ መጽሓፉ ንጉዙኣት ኣመልኪቱ "ካብ ምዕናዎም ወጻኢ ውሕስነት ብዘለዎ ኣገባብ ክትሕዞም ኣይትኽእልን ኢኻ" ንዝበሎ ተኸቲሎም ይገብርዎ ከም ዝነበሩ ይርድኣካ። እንተኾነ ግን እዚ ምኽሪ'ዚ ኣብ ኤርትራውያን ኣይሰርሐን። ዓመተ 1975 እታ ዝበዝሐ ህልቂት ዝተራእየላ ዓመት፡ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ዓመተ ዝላ እያ ኮይና። ኣብዚ ዓመት'ዚ ሰውራ ኤርትራ ቅድሚኡ ርእይዎ ብዘይፈልጦ ብዝሕን ዓይነትን ተሰለፍቲ ማሚቑ ዓቢ ዝላ ገበረ።

ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ህልቂት ኣስመራን ከባቢኣን እምበኣር ነቶም ዝሓለፉ ግዳያት ክብሪ፡ ነቶም ውጻእ መዓት ፍትሒ ንመጻእቲ ወለዶ ከኣ ትምህርቲ ንምሃብ እዩ። ዕላማኡ ታሪኻዊ ንቕሓት ብምዕባይ ዳግማይ ንኸይድገም ንምጥንቃቕን ምዝኽኻርን እንተዘይኮይኑ ጽልኢ ንምቕስቓስን ቁስሊ ንምጉዳእን ኣይኮነን። ገዛእቲ ኢትዮጵያ ንህዝቢ ኤርትራ ንምጽናት ክሳብ ሕጂ ዝተፈላለየ ስልቲ ተጠቂሞም እዮም። ንመስፋሕፍሒ ኣጀንዳኦም ንምትግባር ካብ "ኤርትራ መሬታ እምበር ህዝባ ኣየድልየናን" ፡ "ዓሳ ንምጽናት ባሕሪ ምንጻፍ" ክሳብ "ፖሊሲ ሕብሪ ዓይኒ" ዝዝርጋሕ ባርባራውን ድሑርን ግፍዕታት ፈጺሞም እዮም። ጸላኢ መዓር ከኾልስ ወይ ድሕነትካ ከውሕስ ኣይመጽእን'ዩ። ድሕነትና፡ ሰላምናን ረብሓናን ኣብ ምሕረትን ንሕስያን ጸላእቲ ዘይኮነስ ኣብ ንቕሓትናን ድልውነትናን ከም ዝምርኮስ ዝዘንግዕ ወገን ክህሉ የብሉን። ነቲ ዘይርሳዕ ዘይንርስዓሉ ምኽንያት እንደገና ኣብ ልዕሌና ንኸይፍጸም ክንገብሮ ዝግበኣና ካብ ምግባር ከይንቦኮር ንምዝኽኻር'ዩ።

## ልቦና — ኣነቓቓሒ ጥቕስታት

"ንተግባሩ እምበር፡ ነቲ ሰብ ኣይትፍረዱ።"

- Mary Kay Ash

"ንነፍሲ-ወከፍ ለይቲ፡ መዓልቲ ብርሃን ኣሎዋ።"

- Tupac Shakur

"እንተ ሓበርና ንሰርር፡ እንተ ተመቓቒልና ንጠፍእ።"

- Aesop

"ነፍሲ-ወከፍ ደቒቕ ናይ ልምምደይ እጸልኦ፣ ግና : 'ተስፉ ኣይትቑረጽ፣ ሕጂ ተሳቐ፡ ምሉእ ህይወትካ ከም ቻምፕዮን ትነብር፡' ንነብሰይ እብላ።"

- Muhammad Ali

"ብራኳ ብነጠብጣብ እዩ ዝመልእ።"

- Buddha

"ሰላም ካብ ውሽጥኻ እምበር ኣብ ደገ ኣይትርከብን።"

- Buddha

"እቲ ዝዓበየ ቍምነገር፡ ፍጹም ዘይምውዳቕ ዘይኮነ፡ ድሕሪ ምውዳቕካ ክንደይ ግዜ ተንሲእካ'ዩ።"

- Vise Lombardi

"ዓወት ክብሃል ከሎ እትገብሮ ምፍታዉ፡ ብኸመይ ትገብሮ ምፍታውን ገዛእ ርእስኻ ምፍታውን እዩ።"

- Maya Angelou

"ናባይ ገጻይ እጥምት ኣለኹ ከይፈለጥኩ፡ ከመይ ኣቢለ ንቕድሚት እኸይድ።"

- John Lennon

"ተለቪዥን ኣዝያ መሃሪት ኮይና ረኺበያ። ገለ ሰብ መጺኡ ቻነል እንተቐይሩ ግና፡ ንሱ ክሳዕ ዝወጽእ፡ ናብ ካልእ ክፍሊ ብምኻድ መጽሓፍ ኣንብብ።"

- Groucho Marx

"መጽሓፍ ኣብ ጁባኻ ዝተሓዝ ጀርዲን እዩ።"

- China proverb

"መጽሓፍ፡ ንጽቡቕ መነባብሮ፡ ሓደ ካብ መሰረታውያን ነገራት እዩ።"

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ነብል ዐሶማን መሓመድዓሊ ምግል ተረፉ ዓሊ ዐሶማን መሓመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን20/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ወልደዝብርኤል ሃብተጽዮን ዑቕባዝጊ ምግል ተረፉ ወልዴት ሃብተጽዮን ዑቕባዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን10/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብወላዲቱ ወ/ሮ ሄቨን ጺጋይ ተወልደ፡ ብወኪላ ኣሲያስ ኪዳ፡ ት/ዕድመ ኣራራት ኣሌክስ ዑቕባዝጊ ምግል ተረፉ ህያብኤል ኣሌክስ ዑቕባዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን18/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፊልሞን ገብረስላሴ ኣባይ፡ ኣቦይ ገብረስላሴ ኣባይ ጺጋይ ስለዝተሰውኡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተለ፡ 20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ሚሮን በረኸት ኣብዶም ምግል ተረፉ ወልደገርግሽ በረኸት ኣብዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን21/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ዘቢብ ኣማሓዳሪ ፍስሃጼን ምግል ተረፉ ሰዘ ኣማሓዳሪ ፍስሃጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን19/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ የማነ ተስፋሚካኤል ዑቕቦሚካኤል፡ ወለድና ተ/ሚካኤል ዑቕቦሚካኤል ተ/ ሚካኤልን ኣበባ ጉዪደስ ወርቅስብን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን10/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ዘርኣይ ተስፉይ ደብሳይ፡ ኣቡኣጎይን ዓዩይን ደብሳይ ሓጂ ድራርን ትምኒት ደባሽን ስለዝዋረፉ፡ 9 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን10/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቖርደት

ወ/ሮ ምሕረት ግርማይ ኣብደም፡ ብዓል ቤተይ ቃልኣብ ዘርኣሃማርያት ተወልደብርሃን ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣብ ጥሕኢ ዝርከብ ኣነ ምስ 4 ደቀይ ከኣ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን14/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ካሕሳይ ገንደር፡ ወለደይ ገንደር ሃብተማርያም ከልብይን ኣስካሉ ተኽለማርያም መንደርን ስለዝዋረፉ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ደረጋግጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን12/03/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ተኽለማርያም የውሃንስ ኣደይ ለተንስኤ ገብረማርያም ተወልደመድህን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ደረጋግጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተለ፡ ን5/03/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ብስም ጸሃይ ገብረትንሳኤ ተድላ (ወኪል) ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋፒን ASL00033217,00033247 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዘ ጥንዳ ጎደና ሳሕል ቁ.ገዛ 4 ዝርከብ ናይ ቤት ዕዮ ምቁር ሕብስትን ካፈን ትካል፡ ንፓራዳይዝ ሓዝ.ቢ.ማ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ቲራቮሎ ጎደና 745-4 ቁ.ገዛ 18 ካብ ዕለት 01/01/2021 ክሳብ ዕለት 31/12/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ጸሃይ ገብረትንሳኤ ተድላ

## Vacancy Announcement

Rora Private Health Service is looking for fulltime workers, who fulfill the following requirements:-

**1.Accounting Clerk**

Position --------------------------------------- Accounting Clerk.

Qualification ------------------------------- Certificate Computer Application and 12th grade Complete.

Work Experience ------------------------- 2 year as Accounting Clerk.

Number ------------------------------------- Two.

**2. General Services**

Required – 1

Type of contract – indefinite

**Major Duties and responsibilities:**

Initiating materials order (purchase requisition)

Storing materials and supplies

Issuing materials and supplies

Receiving and inspecting purchased materials

Preocurment documentation and reporting

Controling and maintaining material and supplies

Conducting perpetual and physical inventory

He/She Is expected to carry out any duties from management

**Qualification and Experience**

Formal Education – Diploma Working Experience a minimum 2 Years Or Certificate in Working Experience - Minimum of 5 years in relevant experience

Technical skills and abilities – computer Literacy (MS offices – word, Excel Advanced)

Age 40 - 65

**General information:**

Place of work – Asmara office of Rora Private Health Service (RPHS)

Salary – as per the RPHS

Additional requirements:

Having fulfilled his/her National Service obligation and evidence of release from the Ministry of Defense

Deadline for application is 10 days from the day publication in the news paper

Address:- Rora Private Health Service P.L.C

Zoba:- Makel

Sub Zoba:- Tsetserat near Qudus Michael Church

Tel:- 12 30 96 / 08 37 34 42



## ሓበሬታ

### ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ!!!

ኣነ ኣመልካቲት ምዕራፍ ቀሺ. ገብረኪዳን ወልደማርያም ዝተባህልኩ፡ ካብ ኣቶ ወልድኣብ ደስላቕ በራኺ ዝዓደግዎ ገዛ፡ ኣስመራ ን/ዞባ ጎዳይፍ ከባቢ ኤክስፖ ጎደና 714-49 ፕሎት Nopl ፓርሰል 78z ስፍሓቱ መሬት 218.5 ት/ሜ ዝኾነ ዋንነቱ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ወረቐት 117517 መወከሲ ቁ. 132387 ብስም ወረ/ኻፍ/ቀሺ. ደስላቕ በራኺ ሰለሙን ዝተረጋገጸ/ዝተመዝገበ ተራ-ገዛ ወራሲ፣ ዚ ብውርስን ምቅሊትን ዝረኸብዎ ንብረት ስለዝሸጠለይን ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተለ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪበ ጉዳያይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር፡፡

ምዕራፍ ቀሺ. ገብረኪዳን

## ምልክታ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ

ትካል ፎቶ ዘላ ሓዝ.ቢ.ማን ኣልባ በስትሮ ባርን ሬስቶራንትን ዚ ዝስዕብ መደብ ስራሕ ኣወዳዲሩ ክቖጽር ስለ ዝደለየ፣ ተጠቐሱ ዘሎ ረቛሒታት ዘማልኡ ናይ ትምህርትን ናይ ሆቴል ስራሕ ልምድን ዝገልጽ ሰነዳቶም CV ሒዞም፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 7 መዓልታት ናብ ቤት ጽሕፈት ፎቶ ዘላ (ኣልባ በስትሮ) ኪቐርቡ ንሕብር፡፡

ማናጀር

1.ደረጃ ትምህርቲ ዲፕሎም ዘለዎ

2.ተሞክሮ ስራሕ ኣብ ናይ ሆቴል ስራሕ ብሆቴል ማናጅመንት ካብ 5 ዓመት ንላዕሊ ዝሰርሐ/ት

3. ተወሳኺ ብናይ ቱሪዝም ኮርስ ሰርቲፊኬት ዘለዎ/ዋ ዝያዳ ዕድል ይህልዎ/ዋ

ቺፍ ኮኮ

1.ደረጃ ትምህርቲ 12 ክፍሊ ወይ ልዕሊኡ

2.ተሞክሮ ስራሕ ኣብ ናይ ምግቢ ምስራሕ ክኢላ ኮይኑ ልዕሊ 5 ዓመት ብዝተመሳሰሊ ሞያ ተሞክሮ ስራሕ ዘሎዎ/ዋ

3.ተወሳኺ ብናይ ቱሪዝም ኮርስ ሰርቲፊኬት ዘለዎ/ዘለዋ ዝያዳ ዕድል ይህልዎ/ዋ

ክኢላ ምስራሕ ፋስት ፉድ (TACO BELL)

1.ደረጃ ትምህርቲ 12 ክፍሊ ወይ ልዕሊኡ

2.ተሞክሮ ስራሕ ክኢላ ምድላው ፋስት ፉድ TACO BELL ኮይኑ ንልዕሊ 4 ዓመት ብዝተመሳሰሊ ሞያ ተሞክሮ ስራሕ ዘሎዎ/ዋ

3.ተወሳኺ ብናይ ቱሪዝም ኮርስ ሰርቲፊኬት ዘሎዎ/ዋ ዝያዳ ዕድል ይህልዎ/ዋ

ኣብ ኩሉ ዓይነት ስራሕ ደሞዝ ብስምምዑ ጾታ ኣይፈልን፡ ግቡእ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘማልአ/ዘማለአት ወይውን ዘይምልከቶ/ታ፡፡

ፎቶ ዘላ ሓዝ.ቢ.ማ

## ብስራት ንእንበብቲ መጽሓፍ

ቀዳማይ ሕታም ኣብ 2015 ተዘርጊሓ - ንኣንባቢኣ ኣብ ሰንፈላል ዝሓደገቶ፡ ሓቀኛ ታሪኽ ጥልመትን ጭካነን ...... ዝሓዘት መጽሓፍ 'ሉላ'፡ ልቢ ዘረስርስ ክዉን-ኮነት መዓልቦ ኣጣሚራ ዳግም ተዘርጊሓ ኣላ።

ደራሲ መጽሓፍ፡ ኣብ ዜናዊ ስርሓት (ሬድዮን ጋዜጣን) ንልዕሊ 40 ዓመታት ዝሰርሐ፡ ብፍላይ ዋና ኣሰናዳኢ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኰይኑ ዘገልገለ ብምዃኑ፡ ንእግረ-መገዱ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ኣበርክቶ ክትገብር እውን'ዩ ትጽቢቱ።

ኣንብብዋ ክሕደትን ሓልዮትን ተፋጢጦም ኣለዉ ኣብ'ዛ መጽሓፍ።




ኣብዘን ስተሽነሪታት ኣላትኩም

* ሰቲት ስተሽነሪ (ኣከፋፋሊ)
* ኣውገት መሸጣ መጻሕፍቲ
* ኣርት ጋለሪ
* መረብ ስተሽነሪ

ደራሲ፡ ኣስፍሃ ተኽለማርያም - ሞባይል፡ 07183494

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ታሚያሱ፡ ነዚ ዝተረፈ ወቕቲ ከሲርዎ

ጃፓናዊ ተጻዋታይ ኣርሰናል ታከሂሮ ታሚያሱ፡ ድሕሪ ዘጋጠሞ ናይ ብርኪ መጥባሕቲ፡ ካብዚ ተሪፉ ዘሎ ዓመት-ውድድር ወጻኢ ምዃኑ ጋንታኡ ትማሊ ረቡዕ ሓቢራ።

እዚ ናይ ክንፊ ተኸላኻሊ፡ ሓደ ካብቶም ብተደጋጋሚ መጉዳእቲ ብርክት ዝበለ ግጥማት ዘኸሰሩ ተጻወትቲ ኣርሰናል እዩ። ቅድሚ ምጅማር እዚ ወቕቲ ናይ ብርኪ መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ ዝበረ ታሚያሱ፡ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ከኣ ንሳውዝሃምፕተን 3-ብ1 ኣብ ዝሰዓረሉ ጸወታ፡ ተቐይሩ ብምእታዉ ፋልማይ ግጥም ናይዚ ወቕቲ ኣካይዱ።

ይኹን እምበር፡ ኣብቲ ሽዱሽተ ደቓይቕ ጥራይ ዝተጻወተሉ ግጥም፡ መጉዳእቱ ስለዝደገሶ ዳግማይ ናብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ከምርሕ ተቐሲቡ። ብኸልተኡ ክንፊ ምክልኻል ዝሰለፍ ታሚያሱ፡ ብቐድሚ ትማሊ ኣብ ናይ ኢንስታግራም ሕሳቡ፡ ምርኮስ ተደጊፉ ኣብ ብዘለጠፎ ስእሊ ኣቢሉ የማይቲ ብርኩ መጥባሕቲ ከምዝተገብረ ሓቢሩ። ዝኸበደ ናይ ጸወታ ግዜኡ ምዃኑ'ውን ገሊጹ።

እዚ ወዲ 26 ዓመት መንእሰይ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመታት ንኻልኣይ ግዜኡ እዩ ኣብ ብርኩ መጥባሕቲ ዝጉበር ዘሎ። ስሪዚ ናይ ሕጂ ሕክምናዊ ማስርሕ ከኣ ኣብዚ ተሪፉ ዘሎ ዓመት-ስፖርት ዳግማይ ናብ ጸወታ ክምለስ ከምዘይኮነ ኣርሰናል ትማሊ ኣብ ዘውጸኦቶ መግለጺ ኣፍሊጡ።

ኣርሰናል፡ ሓንቲ ካብተን ብመጉዳእቲ ቀዳሞት ተሰለፍታ እትሳቐ ዘላ ጋንታ እያ። ኣቐዲማ ንኣጥቃዕቲ ካይ ሃቨርትስን ጋብሪኤል ጀሱስን ነዚ ተሪፉ ዘሎ ወቕቲ ዝኸሰረት እዛ ለንደናዊት ክለብ፡ ንቡኻዮ ሳካን ጋብርኤል ማርቲኔል'ውን ካብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ክምለስዋ ትጸበ ኣላ። ራርዶ ካላፊዮሪ፡ በን ዋይትን ጁሪን ቲምበርን'ውን ንብርክት ዘበለ ግጥማት ከሰራቶም እዮም።

ብተመሳሳሊ ኣብቲ ታሚያሱ ዝሰለፈሉ የማናይ ክንፊ ማስመር ምክልኻል ዝጻወት እንግሊዛዊ በን ዋይት፡ ድሕሪ ናይ ሰለስተ ኣዋርሕ ናይ ተሃድሶ ግዜ፡ ዝሓለፈ ቀዳም ንሌስተር ኣብ ዝሰዓረሉ ጸወታ ናብ ኣገልግሎት ምምላሱ ይዝከር። ንኣርቴታ ከኣ፡ ብመጠኑ እፎይታ ዝሀበ እዩ።

ኣብ ፕሪመር ሊግ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ ዘላ ኣርሰናል፡ ቀዳም ንዌስት ሃም ዓዲማ ናይ ደርቢ ለንደን ጸወታ ከተካይድ እያ። ሊቨርፑል፡ ናይ ትማሊ ምሸት ጸወታ ወጽኢት ኣንጻር ኣስቶን ቪላ ከይተደመረ፡ ብሸውዓተ ነጥቢ ንኣርሰናል በሊጻ መራሒት ፕሪመር ሊግ ኮይና ትርከብ።



## "ካብ ባርሳ ምውጻእ ዘይከኣል እዩ" ያማል



ላሚን ያማል፡ ካብ ክለቡ ባርሴሎና ክወጽእ ዘይክኣል ምዃኑ ሓቢሩ።

ወዲ 17 ዓመት ያማል፡ ገና ኣብዚ ንእሱ ዕድመኡ ብዘርእዮ ዘሎ ብርቂ ብቕዓት፡ ሓደ ካብቶም ናይዚ እዋን ዝበለጹ ተጻወትቲ ክኸውን ክኢሉ ኣሎ። ብርክት ዝበሉ ክብረ-ወሰናት ዘጽሓፈን ኣብ ምጽሓፍ ዝርከበን ያማል፡ ልዕሊ'ቶም ናይዚ ዘመን'ዚ ዝበለጹ ተጻወትቲ ዝኾኑ ክሪስቲያኖ ሮናልዶን ሊዮኔል መሲን፡ ቀልጢፉ 100 ግጥማት ዘካየደ ክኸውን በቒዑ ኣሎ። በዚ ተበጊሱ ዘሎ መጻኢ ቁመና ድማ፡ ንደረጃ እዞም ብርቂ ተጻወትቲ ክበጽሖ ይኽእል ዶ? ዝብል ሕቶ ኣለዓዒሉ ኣሎ።

እዚ እስጳኛዊ ኣብ ሃገራዊት ጋንታኡ ውሑስ ቦታ ክህልዎ፡ ቀዋሚን ወሳኒን ተጻዋታይ ክኸውንን ግዜ ኣይወሰደን። ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ድማ፡ ሃገሩ ነዚ ጸዋእ ክተልዕል ተራኡ ሰማይ ጠቀስ ነይሩ። በዚ ከኣ፡ ንነዊሕ ዓመታት መራሒ ተጻዋታይ ክለቡ ባርሴሎናን ሃገሩ እስጳኛን ክኸውን ትጽቢት ተገቢሩሉ ኣሎ።

ብኣንጻሩ፡ ባርሴሎና፡ ንነዊሕ ዓመታት ቀንዲ ጽገም ኮይኑዋ ዘሎ ፋይናንስያዊ መሓንቖ ንምቅላል፡ ንያማል ክትሸጦ ከምእትኽእል ይግለጽ እዩ። ፒኤሰጂ፡ ዝሓለፈ ክረምቲ ልዕሊ 200 ሚልዮን ዩሮ ሰሊዓትሉ ምንባራ ድማ ይግለጽ።

እንተኾነ፡ ባርሳ፡ ነዚ ብሌን ዓይና ዝኾነ ተጻዋታይ ናይ ምሻጥ ሓሳብ ከምዘይብላ ኣሕሪራ እያ። ኣብ ስ 2026 ዝበቅዕ ውዕል እንተውሓደ ክሳብ ክረምቲ 2030 ከተናውሖ ኣብ ምስምማዕ ምህላዋ'ውን ይሕበር።

ያማል ብወገኑ፡ ካብ ፒኤሰጂ ዝቐረበ ሕቶ ንዕኡ መጺእዎ እንተኾይኑ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "ብዛዕባኡ ዝኾነ ኣይሰማዕኩን። ዝኾነ ካብና እንተዝሰምዖ ነይሩ'ውን ኣይምነገሩንን። ቀዳማይ ነገር፡ ውዕል ስለዘለኒ እዩ። ብዘይካኡ እውን ናብ ካልእ ክለብ ዝኸይድ ኣይመስለንን።" ክብል፡ ኣብዚ እዋንዚ መደቡ ኣብ ውድድራት ላ'ሊጋ፡ ኮፓ ደል ረይን ሻምፕዮንስ ሊግን ምህላዉ ኣፍሊጡ።

ዝ ተጻዋታይ ካብ ጥቅምቲ 2023 ክሳብ ስ 2026 ዘጽንሑ ውዕል ዘፈረሞ ባርሳ፡ ልዕሊ ናይ ሰለስተ ዓመታት ውዕል ከተፈርሞ እንተኾይና፡ ክሳብ ሓምለ 2025 ክትጸንሕ ኣለዋ - 18 ዓመት ክሳብ ዝመልእ።

ብመሰረት ሕግታት ፊፋ፡ ዝኾነት ክሱብ ትሕቲ 18 ንዝዕድመኡ ተጻዋታይ፡ ፕሮፈሽናል ውዕል ከተፈርሞ ኣይትኽእል እያ። ክለባት ባዕለን ኣብ ማሰልጠኒ (ኣካዳሚ) ማእከል ዘማዕበልኦም ተጻወትቲ ግን፡ ልክዕ ከም ናይ ያማል ክሳብ እቲ ሕጋዊ ዝበሃል (ሙብዛሕትኡ ደቂ 17 ዓመት) ክጥቀማሉ'ምን ክሳዕ ሰለስተ ዓመታት ዘይከይድ ውዕል ከፈርማኦም ይኽእላ እየን። 18 ዓመት ምስ መልኡ ከኣ ዝተናውሐ ውዕል ከፈርማኦም ይኽእላ እየን። ፊፋ፡ ነዚ ዓለምለኻዊ ሕጊ ዘተኣታተወሉ ምኽንያት፡ ንኣሸቱ ተጻወትቲ ካብ ምዝመዛ ንምድሓን እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ያማል፡ ኣብዚ እዋንዚ ዝበለጸ ኣትለት መን ምዃኑ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ ልዕሊ ሮናልዶ ንመሲ እዩ ኣቐዲሙ።

እዚ ብኣቦኡ ናይ ኢኳቶሪያል ጊኒ፡ ብኣደኡ ድማ ናይ ሞሮኮ መበቆል ዘለዎ እስጳኛዊ፡ ዛጊት ኣብዚ ወቕቲ ሓሙሽተ ሸቶታት ከመዝግብ እንከሎ፡ 11 ናይ ሸቶ ዕድላት ንደቂ ጋንታኡ ከሺኑ።

## ነገረ ኣንቶኒ

### ማን ዩናይትድ፡ ብሓቂ ንተጻወትቲ መቓብር ትኾኖም ኣላ ዲያ?

ኣብ ክረምቲ 2022 ካብ ኣያክስ ናብ ማን ዩናይትድ ብ85 ሚልዮን ፓውንድ ዝተሰጋገረ ኣንቶኒ፡ ሓደ ካብቶም ንትንሳኤ እዛ ጋንታ ክሕግዙ ትጽቢት ተገቢሩሎም ዝነበሩ ተጻወትቲ እዩ።

ንሱ'ውን ካብ 2018 ክሳብ 2022 ኣብ ኣያክስ ኣብ ትሕቲ ዓለማኡ ኤሪክ ተን ሃግ ዘርኣዮ ብሉጽ ቁመና ክደግሞ ተተስፍዩ ነይሩ።

እንተኾነ፡ "ኢደኻ ከምዝለኣኽትካ ዘይተፈ ዕዳጋ ከምዝጽንሓካ እዩ" ከም ዝበሃል፡ ማን ዩናይትድን ኣንቶኒን ኣድን ሻንቲን ክኾኑ ኣይከኣሉን። ወላ'ኳ ኣብ ቀዳሞት ሰለስተ ተኸታተልቲ ግጥማት ሸቶ ብምምዝጋብ ናይ ፈለማ ተጻዋታይ ዩናይትድ እንተኾነ ድሒሩ ግን፡ ወጽኢት ኣልቦ ክኸውን እዩ ተራእዩ። ቀስ ብቐስ'ውን ናብቲ ትጽቢት ተገቢሩሉ ዝበረ ኩነታት ክምለስ ኣይከኣለን። ብቕዓቱ ዳግማይ ክፍትሽ ዕድል ዝረኸበ እዚ ብራዚላዊ፡ ካብ ፈለማ ጸወታ ጀሚሩ እዩ ኣብ ዩናይትድ ዝኮኣሎ ገይሩ። ኣንጻር ኣትሌቲኮ በልባኦ 2-ብ2 ኣብ ዝተፈላለዩሉ ጸወታ፡ ወላ'ኳ ሸቶ ኣየመዝገበ፡ ወሳኒ ኮይኑ ብምውዓሉ፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ዳርጋ ኣብ ኩሉ ጸወታታት ዘርኣዮ ትሑት ብቕዓት ግን፡ ግዳይ ነቐፌታ እዩ'ም ዘይምሕሩ እንግሊዛውያን ተንተንቲ ኮይ፡ ክሳብ ጸርፊ'ውን ዘበ፤ ልክዕ ከምቶም ኣብ ሰርከስ ኣብ ገጽም ሕብርታት ተለኻኺዮም ንተዓዘብቲ ዘስሕቑ ሰብ ባህሊላ (Clown) ከኣ ተባሂሉ። ብሓፈሻ ክሳብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ፡ ኣብ 96 ግጥማት ተሰሊፉ፡ 12 ሸቶታትን ሓሙሽተ ቀረብን ኣበርኪቱ ነይሩ። ሕጂ ብልቓሕ ናብ ሪያል በቲስ ተሰጋጊሩ ይርከብ።

ኣብ ዝሰዓብ ክልተ ናይ ላ'ሊጋ ግጥማት ከኣ፡ ሓሓንቲ ሸቶ ብምቕጻር፡ ናይ ክልቲኣን ጸወታታት ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ። ዝሓለፈ ሓሙስ'ውን ዓዲሞም 3-ብ0 ኣብ ዝተዓወቱሉ ናይ ኤውሮፓያን ኮንፈረንስ ሊግ ከኣ ሓንቲ ሸቶ ብምቕጻር ተበሪቡሩ ምህላዉ ኣርእዩ።

ኣንቶኒ፡ ኣብ ዩናይትድ ኣብ ዝበረሉ ኣብ ሓንቲ ጸወታ'ኳ ዝበለጸ ተጻዋታይ ኣይተጸውዐን። ዛጊት ብሚልያ እስጳኛዊት ክለቡ ሪያል በቲስ ግን፡ ብዙኸታታሊ ኣብ ሰለስተ ግጥማት ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ። ሰለስተ ሸቶታትን ሓንቲ ቀረብን ከኣ ገይሩ ኣሎ። "ወትሩ ንገሆ ብፍሽኽታ እየ ዝትንስእ ዘለኹ" ክብል ድማ ሕሉው ኩነታቱ ይገልጽ።

በዚ ከኣ፡ ብዙሓት ተንተንቲ ዩናይትድ ንዝጠዝሑ ተጻወትቲ "መቓብር ትኾኖም ኣላ" ክብል ይዛረቡ ኣለው። ኣብ ጥሪ 2020፡ ሓደ ካብቶም ሓያላት ወከልቲ ዝበረን ንብዙሕ ዝኣታን ፖግባ ሃላንድን ካልኦትን ናብ ዝተፈላለያ ክለባት ዘሰጋገረን ሚኖ ራዮላ "ካብ ሕጂ ንደሓር፡ ናብዛ ጋንታ ዝኾነ ተጻዋታይ ኣየሰጋግርን እዩ። እዛ ጋንታ ወላ'ውን ንፔለን ማራዶናን መቕዘውዮም ነይራ" ዝበሎ፡ ካብ ተዘክሮ ዘርባታት እዩ።

ዩናይትድ ግን፡ ብሓቂ ንተጻወትቲ መቓብር ትኾኖም ኣላ ድያ?

ሓደ ኣብነት ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ናይ ኣንቶኒ ኣሎ። ብቐረባ ኣብዚ ወቕቲ ናብ ካልኦት ክለባት ዝተሰጋገሩ - ኣንቶኒዮ ማርሻል፡ ስኮት ማክቶሚናይን ዋን በሳካን እንተርኢናዮም'ውን ተመሳሳሊ እዩ።

ኣብ መስከረም 2024 ናብ ግሪኻዊት ክሉብ ኣተነስ ዝኸደ ማርቲል፡ ካብ 15 ግጥማት ሸውዓተ ሸቶታት ብምቕጻር፡ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ዩናይትድ ዝሰኣኖ ቁመናኡ ብዝተዋህደ መሊስዎ ኣሎ።

ኣብ ነሓሰ 2024 ናብ ናፖሊ ዝኸደ ማክቶሚናይ እሞ፡ ቀላሲ ማስመር ምክፍፋል ጋንታ ብምዃኑ፡ ደሮ ኣብ ልቢ ጋንታኡ ሓዲሩ ኣሎ። ናፖሊ፡ ንሰሪኣ ክትመርሖ ኸኣ ኣብ 21 ናይ ሊግ ግጥማት ሽዱሽተ ሸቶታት ኣመዝጊቡላ ኣሎ።

ኣብ ምክልኻል ሓደ ንሓደ ዝኾነ ተጻዋታይ ኩሓልፎ ዝሾር ዋን በሳካ'ውን ኣብ ዌስት ሃም፡ ካብ ማስመር ምክልኻል እናተበገሰ ክልተ ሸቶታት ኣቐጺሩ ይርከብ። ማዕረ'ቲ ኣብ 130 ግጥማት ንዩናይትድ ዘመዝገቦ። ኣብ ወርሒ ጥሪ ናብ ኣስቶን ቪላ ዝተጸምበረ ራሽፎርድ ከኣ ብሕጂ ክርኣ እዩ።

በዚ ኮይኑ በቲ ካብ ሃዊሕ ዓመታት ጀሚርም ምስ ልዑል ትጸቢት ብልዑል ወጻኢ ናብዛ ጋንታ ዝጸምበሩ ተጻወትቲ፡ ኣሸንባይ ብቕዓቶም ከበርኹ፡ ኣቐዲሞም ዘንጸብርቕዎ ዝበሩ ብቕዓት ክደግሙ ክሸገሩ ይረኣዩ ኣለው። ምስ ወጹ ከኣ፡ ዳግማይ ደባሪብሩ። እሞ እቲ ጸገም ደኣ፡ ናይዛ ኣብ 2013 ድሕሪ ምውጻእ ዓላሚኣ ኣሌክስ ፈርጉሰን ካብ ታኼላ ክትወጽእ ዘይከኣለት ዓባይን ታሪኻዊትን ጋንታ ዶ ይኸውን?



## ሉክማን፡ ንዘረባ ዓላሚኡ መሊሱሉ

ናይጀሪያዊ ኣጥቃዓይ ኣታላንታ - ኣደሞላ ሉክማን፡ ንዓላሚኡ ፒሮ ጋስፐሪኒ "ክብረት ኣልቦ እዩ" ክብል ዘሊፉዎ።

ሉክማን፡ ሰሉስ ምሸት ኣብ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ጋንትኡ ኣብ ሜዳኣ ብብሩጋ 3-ብ1 ብምስዓራ፡ ብድምር ክልተ እግሪ 5-ብ2 ተሳዒራ ናብ ዙር 16 ካብ ምሕላፍ ተዓንቂጻ።

ኣብዛ ጸወታ ተቐይሩ ብምእታው ንእኾ ሸቶ ጋንታኡ ዘመዝገበ ሉክማን፡ ፍጹም ቅላዕ ብምስሓቱ፡ ብዓላሚኡ ተነቒፉ። ጋስፐሪኒ፡ ድሕሪ ጸወታ፡ "ሉክማን ካብ ዝረኣኽዎም እቲ ዝሓመቐ ሃራሚ ፍጹም ቅላዕ እዩ" ክብል ኣብ ማእከናት ዜና ነቒፉዎ።

እዚ ዝበለጸ ተጻዋታይ ኣፍሪቃ 2024 ዝኾነ ሉክማን ትማሊ ኣብ ዝሃቦ መልሲ፡ ብዘረባ ኣሰልጣኒኡ ከምዝተጎድአን ኣኽብሮት ከም እተሳእኖን ገሊጹ።



## ሪያል ማድሪድ፡ ይግባይ ትብል

ሪያል ማድሪድ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ንተጻዋታይ ጁድ በሊንግሃም ዝተዋህበት ቀያሕ ካርድ ክትሰረዘላ ይግባይ ሓቲታ።

በሊንግሃም፡ ንዳኛ ዘዩድኒ ዘረባ ብምዝራቡ እዩ፡ ብቐጥታ ብቐያሕ ካርድ ተባሪሩ። ኣብ ዝስዕብ ክልተ ግጥማት ክቕጻዕ ምዃኑ ድማ ይሕበር ኣሎ።

ማድሪድ ኣቐዲማ ዘቕረበቶ ናይ ይግባይ ሕቶ ብኮሚቴ እግሪ እስጳኛ ተቐባልነት ብምስኣኑ፡ ዳግማይ ክረኣየላ ሓቲታ ኣላ።

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## “ቓዛ ንምህናጽ ልዕሊ 50 ቢልዮን ዶላር ከድሊ እዩ” ተባሂሉ

እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ብዘኻየደቶ ኣልማሚ ደብዳብ ንዘየሳዉ ትሕተ-ቅርጺታት ዳግማይ ንምህናጽ ልዕሊ 50 ቢልዮን ዶላር ባጀት ከምዘድሊ፡ ዓለማዊ ባንክ፡ ኤውሮጳዊ ሕብረትን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣብ ዘካየድዎ ሓድሽ መጽናዕቲ ኣፍሊጦም።

እስራኤል ኣብቲ ወሽመጥ ካብ 8 ጥቅምቲ 2023 ክሳብ 8 ጥቅምቲ 2024 ብዘካየደቶ ደብዳብ፡ ኣብ ትሕተ-ቅርጺ ናይ ኣስታት 49 ቢልዮን ዶላር ክሳራታት ከምዘወረደ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

እቲ መጽናዕቲ ከምዝጸሮ፡ ኣስታት 70 ሚእታዊት ኣባይቲ ናይታ 2.3 ሚልዮን ህዝቢ ዘለዋ ወሽመጥ፡ ኣብቲ ዝተኻየደ ውግእ ምሉእ ብምሉእ ዓንዩ እዩ።

በዚ ኸኣ፡ ቓዛ ኣብ ውሽጢ እዚ ዓሰርተ ዓመታት ዳግማይ ንክትህነጽ፡ ኣስታት 53.2 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት ከምዘድሊ፡ እቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ወሲኹ ጠቒሱ።

ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ወሽመጥ ቓዛ ዳግማይ ክትህነጽ እንድሕር ኮይና፡ ኣብኣ ዝነብሩ ዘለዉ ፍልስጤማውያን ናብ ካልኦት ሃገራት ክግዕዙ ከምዘለዎም እዩ ክገልጽ ጸኒሑ።

ትራምፕ፡ ህዝቢ ቓዛ ጠቕሊሉ ምስ ገዓዘ፡ ኣመሪካ ነታ ወሽመጥ ብምቁጽጻር፡ ናብ ዓባይ መስሕብ በጻሕቲ ከምእትቕይራ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

እንተኾነ፡ እቲ ብዶናልድ ትራምፕ ዝቐረበ ዘሎ ሓሳብ፡ ካብ ሓያሎ ሃገራት ዓለም ኲሉ ኣጋጢሙዎ ከምዘሎ ይፍለጥ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ በቲ ኣብ መንጎ ሓማስን እስራኤልን ንልዕሊ 460 መዓልታት ዝቐጸለ ውግእ፡ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ኣስታት 290 ሽሕ ኣባይቲ ምሉእ ብምሉእ ዓንዮም።

ኑቲ ፍርስራስ ናይቲ ህንጻታት ንምጽራይ ድማ ዓመታት ክወስድ ከምዝኽእል እዩም እቶም ጸብጻባት ወሲኾም ዘመልክቱ።

መንግስቲ ግብጺ ብወገኑ፡ ህዝቢ ቓዛ ካብ ሃገሩ ከይመዛበልን ነታ ወሽመጥ ምስ ካልኦት ሃገራት ተሓቢሩ ንክሃንጻ ድልው ከምዘሎን እዩ ዝገልጽ ዘሎ።



## ሩስያ - ኩባንያታት ኣመሪካ ልዕሊ 300 ቢልዮን ዶላር ከሲረን



ሃገራት ምዕራብ፡ ብኲናት ዩክሬን ኣመኽንዮሰን ኣብ ልዕሊ ሩስያ ዘጽንዓአ እገዳታት፡ ንኩባንያታት ኣመሪካ ናይ ልዕሊ 300 ቢልዮን ዶላር ክሳራ ከምዘስዓበለን ይሕበር ኣሎ።

ብሰንኪ’ቲ እገዳታት ብዙሓት ዓበይቲ ኩባንያታት ኣመሪካ ካብ ዕዳጋታት ሩስያ ከምዝረሓቓ ዝሓበረ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ወፍሪ ምወላ ሩስያ ኪሪል ዲሚትሪቭ፡ ክልቲአን ሃገራት ኑቲ ንቑጠባአን ብማዕረ ዝሃሲ ስጉምቲ ንምቕላዕ ክዘራረባ ከምዘለወን ገሊጹ።

ኣብ 2022 ኲናት ዩክሬን ካብ ዝጀምር ንደሓር ጥራይ፡ ሃገራት ምዕራብ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ዝተፈላለየ እገዳታት ብምጽናዕ ንቑጠባ እታ ሃገር ንምድኻም ክጽዕራ ምጽንሐን ይፍለጥ።

ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ጥራሕ፡ ኣብ ሩስያ ክሰርሓ ዝጸንሓ ኣስታት 1,000 ናይ ደገ ኩባንያታት ስርሐን ደው ከምዘበላ ይግለጽ።

እዚ ሕጂ ኩባንያታት ኣመሪካ ኣጋጢሙወን ዘሎ ክሳራታት፡ ምስቲ ኣብ ዝተፈላለያ ባንኪታት ሃገራት ምዕራብ ደስኪሉ ዘሎ ሕሳባት ሩስያ ዝዳረግ ምኻኑ እዮም ጸብጻባት ዝጠቕሱ።

በዚ ኸኣ፡ ምልዓል ናይቲ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ዝተኣወጀ እገዳታት፡ ንኣመሪካን ሩስያን ተመጣጣኒ ዝኾነ ረብሓ ከምዘለዎ እዩ እቲ ሩስያዊ ብዓል-ስልጣን ዝሕበር ዘሎ።

## ኢጣልያ - 788 ኪ.ግ ዕጸ-ፋርስ ተታሒዙ

ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ኢጣልያ፡ ኣስታት 788 ኪ.ግራም ዝምዝን ዘይሕጋዊ ዕጸ-ፋርስ ከምዝተረኽበ፡ ፖሊስ ናይ’ታ ሃገር ኣፍሊጡ።

እቲ ‘ኮኬይን’ ዝዓይነቱ ዕጸ-ፋርስ፡ ኣብ ሓንቲ ካብ ደቡብ ኣመሪካ ተበጊሳ ናብ ኢጣልያ ዝኣተወት ናይ ንግዲ መርከብ ከምዝጸንሐ እዩ ዝሕበር ዘሎ።

እቲ ኣብ ኮንተይነራት ብረቂቕ ኣገባብ ተሓቢኡ ዝጸንሐ ዘይሕጋዊ ዕጸ-ፋርስ፡ ፖሊስ ኢጣልያ ብዘካየዶ ጽዑቕ ተፍትሽ ከምእተረኽበ ድማ ተገሊጹ።

እቲ ኣብ ዕዳጋ ኣስታት 131 ሚልዮን ዶላር ከውጽእ ዝኽእል ዕጸ-ፋርስ፡ ቅድሚ ሎሚ ብስቡማዚ እታ ሃገር ካብ ዝተታሕዘ ዕጸ-ፋርሳት እቲ ዝዓበየ ምኻኑ እዩ ዝነገር ዘሎ።

ብኮንትሮባንድ ናብ ኤውሮጳ ዝኣቱ ዕጸ-ፋርስ፡ መብዛሕትኡ ካብ ደቡብ ኣመሪካ ዝበገሰ ኮይኑ፡ ብወደባት ቤልጂየምን ነዘርላንድስን ኣቢሉ ናብ መላእ ኤውሮጳ ከምዝሰኣኽ፡ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ብሰንኪ’ዚ ብሕጊ ውጉዝ ዝኾነ ዕጸ-ፋርስ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ኢጣልያ ልዕሊ 53 ሰባት ከምዝሞቱ፡ ድማ፡ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም ይጠቕሱ።



## ሩስያን ህንዲን፡ ሓባራዊ ውዕል ምክልኻል ይፍርማ

ፌደረሽን ሩስያን ህንድን ታሪኻዊ ምኻኑ ዝተነግረሉ ውዕል ምክልኻል ከምዝፈረማ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩስያ ሓቢሩ።

ብመሰረት እቲ ኣብ መንጎ ምክትል ሚኒስተር ምክልኻል ሩስያ ጀነራል ኣሌክሳንደር ፎሚንን ኣምባሳደር ህንዲ ኣብ ሩስያ ቪናይ ኩማርን ዝተኸተመ ስምምዑ ክልተአን ሃገራት ወተሃደራዊ ምትሕግጋዘን ንምሕያል ተሓቢረን ክምዝሰርሓ ተፈሊጡ ኣሎ።

እዚ ኣብ መንጎአን ዝተኸተመ ውዕል ምክልኻል፡ ንክልተአን ሃገራት ናብ ካልእ ዝዓበየ መድረኽ ዘሰጋግር ስጉምቲ ምኻኑ እዩ ብዘወሳኺ ዝገለጽ ዘሎ።

ሚኒስትሪታት ምክልኻል ሩስያን ህንዲን ንዓሰርተታት ዓመታት ብሓባር ተሻሪኾም ክሰርሓ ከምዝጸንሓ ዝሓብሩ ጸብጻባት፡ ሩስያ እታ ቀዳመይቲ ናብ ህንዲ ዝበዝሐ ወተሃደራዊ ኣጽዋር እትልእኽ ሃገር ኮይና ከምዝጸንሓት ኣረዲኦም።



ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ፡ ብሚኒስተር ምክልኻል - ራጅናት ሲን ዝተመርሐ ላዕለዋይ ልኡኽ ህንዲ፡ ናብ ሩስያ ብምግዓዝ ምስ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ዝርርብ ከምዘካየደ ኣይርሳዕን።

ኣብቲ ርክብ፡ ሩስያን ህንድን ዘለወን ኩሉ-መድያዊ ምትሕግጋዝ ንምሕያል ሓቢረን ክሰርሓ ከምእተሰማምዓ’ውን ኣብቲ ርክብ ተሓቢሩ ነይሩ።

## ኣመሪካ፡ “ኣብ ሶማል 16 ዕጡቓት ቀቲለ” ትብል

ኣመሪካ፡ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል ሶማል ብዘካየደቶ ናይ ኣየር መጥቃዕቲ፡ 16 ኣባላት እስላማዊ ጉጅለ ዳዕሽ ከምእተቐትሉ ይሕበር ኣሎ።

ካብ’ቶም ዝተቐትሉ ኣባላት ዳዕሽ፡ እቶም ክልተ ላዕለዎት ኣዘዝቲ እቲ ምንቅስቓስ ምንባሮም ዝሓበረ ሓደ ካብ ሰብ-መዚ ሶማል፡ በቲ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ፋብሪካ መፍረ-ቦምባ እቲ ጉጅለ’ውን ከምዝዓነወ ኣረዲኡ።



ሕቡራት ኢማራት ዓረብ’ውን ኣብቲ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ዘይነዓቕ ተራ ከምእተጻወተት ዝጠቕሰ እቲ ብዓል-ስልጣኑ፡ ዕጡቓት ጉጅለ ዳዕሽ ከም መልሱግብሪ ናይቲ ኣብ ልዕሊኦም ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ንዞባ ፑንትላንድ ዕላማ ዝገበረ ናይ ድሮን መጥቃዕቲ ከምዘካየዱ ሓቢሩ።

እንተኾነ፡ እቲ መጥቃዕቲ ዝኾነ ዕንወት ከየውረደ እንከሎ ከምዝበርዓን ወሲኹ ገሊጹ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ብርሃን | 20/02/2025 | ጎደና ሓርነት ቁ.121፡ከባቢ ሲነማ ኣምፔሮ | 120253 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services